Poetry in Opposition

Poetry in Opposition

**ህዝቢ ትግራይ ሓውና**

ኣቦታትና ክብሉ ይብሉ
ንመወለዶም እንከይበሉ ኣሉ
ንመንነቶም ከይከወሉ
ገለ ከይነከዩ ገለ ከየጉደሉ
ምስ ሰብ ትግራይ ኣለና ዝምድና ብስሩ
ብመዋእል ዝመጸ ተጠሚሩ
ሓደ እዋን ምርር እንዳበለ፡ ሓደ እዋን ምዒሩ
ማይን ጸባን እንዳኾነ ሓቢሩ
ደምና ምስ ወሓዘ ንመረብ ሰጊሩ
ደሞም ምስ ዛረየ ወለዶ ቖጺሩ
ኣብ ምድረ ሓማሴን ዝብላዕ መኣዶም ተጸይሩ
ሕውነትና'ስ ጣዕሳ ዘይብሉ ጥዑም'ዩ ነይሩ
ከም መዓር ጽገናይ ዝልሓሰ ተበርቢሩ

ኣለና ደም ነዊሕ ዝዛረየ
ንእሽቶ ዝወሰዶ ንዓቢ እንዳብረየ
ብፈለጋት ልብታትና እንዳጐየ
ብመስኖ ልሳንና እንዳዓየ
ኣኽሱም ኣራፌዱ ናባና ዘምሰየ
ዛንታ ቐዳሞት ኢሉ ዘዘንትዎ የእምሮና
እንተዘይተሃከየ
ከምዚ ሎሚ'ኽኣ ሓንጊዱ፡ ኣንቂዱ፡ እንተዘይኣበየ

ብሰንኪ ፖለቲካውያን ሰብና ሎሚ ተጻልኤ
ካብ ሓደ ጻሕሊ እንከሎ ዝበልዔ
ካብ ሓደ ጓጉድ ዝሰተየ ምስ ጸምኤ
ቂም ቦቑሉ ኣብ ልቡ ጠጥዔ
ጻህያይ ኰይኑ ሓነቖ ነቲ ዝጠዔ
ብመራሕቱ እንዳተዘርገፈ ብመስኤ
ብሰብ ሕነ እንዳተቖምጠዔ
ፕሮፖጋንድኦም በቐል ጎስዔ፡ ጨንጒዔ፡ ተፍኤ
ኣብ ጥቕኡ ዘሎ እንዳለኸ፡ እንዳጠምዔ
ገጽ ተጋሩ ደወኖ ሰብ ምኺኖም ረስዔ
ሔሕማቑ ደመቐ፡ ኣኹለዕለዔ
እምብዛ ጽልኢ ምኽዓው ደም ጸውዔ
ሰይጣን ኣግሩዑኒ ኢሉ ምስ ለይቲ ተጣርዔ
እቲ ዓቢ ልቢ ህዝብና'ኽኣ ኣምሳይኡ ግራጭ
ተወግኤ

ህዝቢ ትግራይ ሓውና'ዩ ኵሉ እንትንኡ
መራሕትና ይመጹ፡ ይወጹ ሳሕቲ ኻብኡ
ኣቦታት ሓርነት ተባሂሎም ብኣና ክጽውዑ
እንክሓምቁ ካባና ረዳት ይጽውዑ
ናይ ሎሚ ገዲፍና ንዛረብ ክርዳዱ፡ ስሰዑ
ዋላ ተኻሓዱ ገለ ብኡ

ሰብ ታሪኽ ይተሓተቱ፡ ይጸዉዑ
ሰብ እምነት'ክኣ ኣለዎም ዝሕቶን ጺዑ
ንሓቂ ዘውጽእ መኒዑ
ንባይቶ ዝንገር እንዳበለ ሰምዑ
ካብ መዓስ ታቦተ ጽዮን ይኣቱ ተሓቢኡ
መውስቦናስ ይሰላሰል ነይሩ ሰሚሩ፡ ቀኒዑ
ንሕና ነወዳትና ኣንስቲ ነምጽእ ካብኡ
ንሶም ነዋልድና ይብህግወን ከለዋ ቆላዑ
ብድድ ኢሎም ይመጹና ሽዑ፡ ሽዑ
ሕራይ ንብሎም ዳስና ክዕንብብ ጠጢዑ
ኣብ ዳስ ንጻናበር እንዳበልና እቶዉልና ንዑ
ሜስኩም ሓዙ ምኣድኹም ብልዑ
ልብኹም ይታሓጐስ ኣኹድዱ፡ ሳዕስዑ
ኣምላኽ ካብ ገበረና ሓደ ብሓንሳብ ጸዊዑ
ከም ኣብራሃምን ሳራን ይኹነልና መውስቦና ጸኒዑ
ደቅና ደቂ ደቅና ኽኣ ከይኳረዩ ጸጸር ይብልዑ
ኣምላኽ ኣብ ደገ ሰላሙ ከእትዎም ነጸልኡ ቐሊዑ

ሰለሙን ይከኣሎ
መጋቢት 2008
sykealo@yahoo.de